# ኣብ ተሌፎን፡ ሰብ ብነብሱ ኣሎ...

ኣብ ሽወደን ቅድሚ ምምጻእኩም ተሳኣልኩሞ ስእልታት ኣብ ሞባይልኩም ኣለኩም ድዩ። ማለት ካብ ሃገርኩም ወይ ውን ካብ ትቐመጡሉ ዝነበርኩም ሃገር?

ንፌስታታት ዝምልከት ስእልታት ወይ ውን ንመዓልታዊ ህወት ዝነጸባርቑ ስእልታት? ኣብ ስራሕ ዝተሰኣልኩሞ ስእልታት? ናይ መቐርብኩምን ፈትውቱኹምን ስእልታት? ንጎዕዞ ናብ ሽወደን ዝምልከት ዝተሰኣልኩሞ ስእልታት ኣለኩም ድዩ? ናብ ሽወደን ኣብ ዝመጻእኩምሉ እዋን፡ ደስ ዝብለኩም ኣብቲ እዋን ዝሰኣልኩሞ ነገራት ኣሎ'ዶ?

ሓደ ሰብ፡ ስደተኛ ወይ ውን ሓታቲ-ዑቕባ ጥራይ ኣይበሃልን። ነቶም ናብዚ ዝመጽኡ ሓደስቲ ሰባት ምስቶም ኣብዞ ዝጸንሑ ነላልዮም። ነንሕድሕድና ኣዕሚቑና ምስ እንፋለጥ ዝበለጸ ይኸውን!

ኣብ ሞባይላት ተዓቂቡ ዝርከብ ስእልታት ንእከብ። እቲ ስእልታት እንታይ ዝሓዘ ምዃኑ ክንድህስስ ውን ንደሊ። ስእልታትን ዛንታታትን ብመልክዕ ንእስ ዝበለ ምርኢት፡ ንእሽቶይ መጽሓፍን ስእላዊ ሰነድን ከነቕርቦም ኢና። ነቶም ስእልታት ውን ከም መዘከርታ ናይዚ ፍሉይ እዋን፡ ኣብ ቤተ-መዘክር ከምዝዕቀቡ ውን ክንገብር ኢና።  እቶም እትሳተፉ፡ ሽም ከይጠቐስኩም ክትሳተፉ ትኽእሉ ኢኹም። ነቲ እትህብዎ ስእልታት ይኹን ካልእ ብኸመይ ክንጥቀመሉ ከም ዘለና ከምኡ ውን ክንዕቅቦ ፍቓደኛታት ምዃንኩምን ዘይምዃንኩምን ውን ክትውስኑ ትኽእሉ ኢኹም።
ንእትነብሩሉ ከባቢ ሰኒድና ምስ ወዳእና፡ ኣብ ውሽጢ ሒደት ኣዋርሕ፡ ዛንታታትን ስእልታትን ዝሓዘለ ምርኢት፡ ብኣካል ተረኺብና ከነርኢ ኢና። ኣብ መጀመርታ ወርሒ ሰነ ናይ ዓመተ 2017፡ እናኾለልና ዓቢ ምርኢት ከነርኢ ኢና። እዚ ምርኢት እዚ፡ ኣብተን ተሳተፊቲ ናይዚ ፕሮጀክቲ ዝኾና 8 ኣብያተ-መዘከር ከይተረፈ ውን ክርአ እዩ።

ኩሎም ኣብዚ ፕሮጀክቲ ዝሳተፉ ወገናት፡ ናብቲ ዝግበር ምርኢታት ክዕደሙ እዮም።

እዘን ዝስዕባ ኣብያተ-መዘከር፡ ነቲ ዝዓበየ ምርኢት ከርእያ እየን፡  ቤተ-መዘክር ማልሞ (ማልሞ)፡ ቤተ-መዘክር ኣውራጃ ካልማር (ካልማር)፡ ባህላዊ መናፈሻ ኣውራጃ ስሞላንድ (ቬክሾ)፡ ቤተ-መዘክር ኣውራጃ ዮንሾፒን (ዮንሾፒን) ቤተ-መዘክር ጎትላንድ (ቪስቢ)፡ ቤተ-መዘክር ስራሕ (ኖርሾፒን)፡ ቤተ-መዘክር ኣውራጃ ኦረብሩ (ኦረብሩ)፡ ቤተ-መዘክር ኡፕላንድ (ኡፕሳላ)።

ስም ናይዚ ፕሮጀክቲ ’’ኣብ ተሌፎን፡ ሰብ ብነብሱ ኣሎ’’ ዝብል እዩ። ንስነዳ ናይዚ ፕሮጀክቲ ዝምልከት ሓላፍነት ወሲዱ ዘለኹ፡ ሄንሪክ ቴልማን ይበሃል። ኣነ ስነ-ጥበባዊ እየ። እቶም እእብዛ ፕሮጀክቲ ተጸሚድና እንርከብ ግን ክልተ ኢና፡

ሄንሪክ ቴልማን
070 571 05 92
henrik.teleman@tyfonmail.se

ዘይነብ ዊትዊት
0737380748
zainab_alkompis@outlook.com

ክትሳተፉ ምስ እትደልዩ ርኸቡና!